4 መስከረም 2024

# Columbia Middleን Lakeside Highን፡ ብሃገራዊ ማሕበር ወለድን መምሃራንን (PTA) ንዚውሃብ ክቡር ሽልማት 'ብልጽቲ ቤት ትምህርቲ' ይረኽባ

Columbia Middle Schoolን Lakeside High Schoolን፡ ኣብ መንጐ ስድራቤታትን ኣብያተ-ትምህርትን ንዝሎ ሓያል ሽርክነታዊ ዝምድና ከምዝጠናኸር ብምግባረን፣ ትምህርታዊ ተሞክሮን ሓፈሻዊ ድሕነትን ኩሎም ተማሃሮ ከምዝሕይል ድማ ብምግባረን፡ ብሉጻት ኣብያተ-ትምህርቲ ዚብል መዓርግ ኣብ 2023-2025 ረኺበን።

ሃገራዊ ማሕበር ወለድን መምሃራንን (National Parent-Teacher Association) ፡ እተን ኣብ DeKalb County School District (DCSD) ዝርከባ ክልተ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ብደረጃ ሃገር ካብ ዘለዋ 319 ኣብያተ-ትምህርትን ማሕበራት ወለድን መምሃራንን ከምኡውን ኣብ ኤውሮጳ ካብ ዝርከባ ናይ ክፍሊ ምክልኻል ኣብያተ-ትምህርቲ (Department of Defense)፡ እዚ ኽብሪ'ዚ ከምዝተቐበላ ብ5 ነሓሰ ሓቢሩ። ኣብያተ-ትምህርትን ማሕበራት ወለድን መምሃራንን፡ ንሽርክነታዊ ዝምድና ስድራቤትን ቤት ትምህርትን ዜጠናኽር ንምሉእ ዓመት ዚካየድ ጻዕሪ ኣብ ዜካተተ ብሃገራዊ ማሕበራት ወለድን መምሃራንን ዚትግበር ፕሮግራም ብልጽቲ ቤት ትምህርቲ ተሳቲፎም ነይሮም። ኣብ Columbia Middle School ከም መኮንን ጽምዶ ወለድን ስድራቤትን (Parent and Family Engagement Liaison) ኮይና እትሰርሕ Dr. LaTroya Bishop፡ ሽልማት ብልጽቲ ቤት ትምህርቲ ምርካብ ንሓንቲ ቤት ትምህርቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዓወት ምዃኑ ገሊጻ።

“ብወለዲ፡ ተማሃሮን ኮምን ብዘይ መጠን ተሓጒስና ኣሎና” ብምባል Dr. Bishop ተዛሪባ። “ብደረጃ ሃገር፡ እዚ ሽልማት'ዚ ንልዕሊ 4,000 ኣብያተ-ትምህርቲ ተዋሂቡ ኣሎ፣ ኣብ ጆርጅያ ድማ ን16 ጥራይ ተዋሂቡ። ካብዘን 16 ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ኣብ DeKalb County ክልተ ጥራይ ምዃነን ንዓና ብዝበለጸ ፍሉይ እዩ፣ ብሉጻት ኣብያተ-ትምህርቲ ተባሂልና ስም ክንረክብ ኣዝዩ ዜሐብን እዩ!”

ኣባል ማሕበር ወለድን መምሃራንን Columbia Middle ዝኾነት Marsha Herring፡ Columbia እዚ ክብሪ'ዚ ክትረክብ ብቕዕቲ ምዃና ትኣምን።

“እቲ ኣብ ማእከላይ ደረጃ ዘሎና ማሕበር ወለድን መምሃራንን ድማ ኮም DeKalb County፡ ኣብ ዓወት'ዞም ተማሃሮና ከምዝሳተፉን ብቐጻሊ ድማ ከምዝነጥፉን ብምግባሩ ግሩም ስራሕ ሰሪሑ እዩ” ብምባል Ms. Herrings ተዛሪባ። “እቲ ዘሎና ማሕበር ወለድን መምሃራንን ዝገብሮ ተወፋይነትን ጻዕርን፡ ኣብ ቤት ትምህርትን ኮምን ለውጢ ከምዘምጽኤ ብዓይነይ ዝርኣኹ ምስክር እየ። እቲ ዘሎና ማሕበር ወለድን መምሃራንን፡ ነዚ ሽልማት ምቕባሉ፡ ኣዝዩ ዓቢ ዓወት እዩ።”

ማሕበራት ወለድን መምሃራንን ኣብያተ-ትምህርትን፡ ካብ ኮማት ኣብያተ-ትምህርተን ርእይቶታት ብምእካብ፡ ብመሰረት ናይ ማሕበር ወለድን መምሃራንን ሃገራዊ መምዘኒታት ሽርክነታዊ ዝምድናታት ስድራቤትን ቤት ትምህርትን (National Standards for Family-School Partnerships) ንጽምዶ ስድራቤታት ዜሐይል ውጥናት የዳልዋን ኣብ ግብሪ የውዕላን።

“ኣብ ማሕበር ወለድን መምሃራንን፡ ሽርክነታዊ ዝምድናታት ስድራቤትን ቤት ትምህርትን ኣዝዩ ኣገዳሲ ምዃኑ ከምኡውን ንዓወት ተማሃሮና ንምድጋፍን ንኣብያተ-ትምህርትና ንምምሕያሽን ኩልና ብሓደ ኴንና ብሓቂ ክንሰርሕ ከምዘሎና ኣጸቢቕና ንኣምን ኢና።” ብምባል ፕረሲደንት ሃገራዊ ማሕበር ወለድን መምሃራንን፡ Yvonne Johnson ተዛሪባ።

“ኣብ ኩሎም ተማሃሮታትና፡ ስድራቤታትናን ኣብያተ-ትምህርታትናን እወታዊ ጽልዋ ዘምጽኤን ብቐጻሊ ዜምጽእ ዘሎን ሓያልን ኣድማዕን ሽርክነታዊ ዝምድናታት ስድራቤትን ቤት ትምህርትን ኣብ ምህናጽ ስለዝገበርዎ ጻዕሪ፡ ነቶም ኣብ 2023-2025 ሽልማት ብሉጻት ኣብያተ-ትምህርቲ ዝረኸቡ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ክብሪ ክንህቦም ከሎና ሓጐስ ይስምዓና።”

ኣባል ማሕበር ወለድን መምሃራንን ተማሃሮን ቤት ትምህርቲ (PTSA) ዝኾነት ኣማሓዳሪት ቀዳማይ ቤት ጽሕፈት Lakeside High School፡ Melanie Stockwell፥ Lakeside፡ ሽልማት ሃገራዊ ብልጽቲ ቤት ትምህርቲ ምርካባ ዜገርም ከምዘይኮነ ተዛሪባ።

“Lakeside PTSA፡ ነቲ ንብዙሕ ዓመታት ዝጸንሐ ንተማሃሮናን መምሃራናን ደገፍ ዚህብ ኣነቓቓሒ ኣባልነት ኮም ፈጢሩ ኣሎ” ብምባል Ms. Stockwell ተዛሪባ። “Lakeside PTSA፡ ሓደ ካብቲ Lakeside ብቖጻሊ ዕውትቲ ንኽትከውን ዝገበረ ቀንዲ ምኽንያታት ምዃኑ፡ ከም ሓንቲ ኣባል ወለድን ሰራሕተኛታት መጠን ብቕንዕና ክዛረብ እኽእል። እቲ ዘሎና PTSA፡ ተማሃሮናን ሰራሕተኛታትን ከም ሓደ ስድራ ንኺሓብሩ ብሓቂ ይሕግዞም እዩ።”

XXX